**ኣድማ ሰራሕተኛታት ኣብ በርገን ኮሙነ - ንቤት-ትምህርትና ዘምጽኣሉ ሳዕቤናት**

**ካብ 2 ሰነ ንንዮ ቤት-ትምህርትና <u>ንኩሎም ተመሃሮ ብከፊሉ ክዕጾ እዩ</u>።**

ካብ ረቡዕ 2 ሰነ ቤት-ትምህርትና ብኣድማ ሰራሕተኛታት ክጽሎ እዩ።
ብሰንኪ እዚ መብዛሕትኡ ክፋላት ምህሮ ደው ክብል እዩ።

ኣብ ገሊኦን ቤት-ትምህርታት ምህሮ፡ ምሕላው ቆልዑ/tilsyn ወይ ኣስኣፉ/SFO ክፉት ክኸውን ስለዝኽእል ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብ ገጻት ኢንተርነት ናይታ ቤት-ትምህርቲ ዝወጽእ ሓበሬታ ርአ። እቲ ቤት-ትምህርቲ ውን ነየኖት ተማሃሮ ይኽፈተሎም ወይ ይዕጸወሎም ባዕሉ ይሕብር እዩ።

ወለድን ኣለይትን ኣብ ገጻት ኢነተርነት ንኡስ-ዞባ በርገን www.bergen.kommune.no, ኣብ ሆምፐጅ/hjemmeside ቤት-ትምህርቲ ወይ/ድማ መራኸቢ ብዙሃን ዝወጽእ ሓበሬታ ክከታተሉ ንሓቶም፡ ገለ ካብኡ እቲ ኣድማ መዓስ ከምዝቋረጽ ዝብል ሓበሬታ እዩ።

**ውላድካ እቲ ዝኸደሉ ኣስኣፉ/SFO እንተደኣ ተዓጽዩ:**
ክፍሊት ኣስኣፉ/SFO ከም ቀደሙ ኣብ እዋኑ ክኽፈል ኣሎዎ መታን ሞልታን መጠንቀቕታታት ወሰኽ ክፍሊትን ከይመጻካ። እዚ ኣድማ ምስተወደአ እቲ ዝሓለፈኩም ንቡር ኣገልግሎት ኣስኣፉ/SFO ክጽብጸበልኩም እዩ፡ እቲ ብዝሒ ገንዘብ ካብ ናይ መጻኢ ክፍሊታት ክቕነሰልኩም እዩ።